ኢፕድ

# ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 44 2 መስከረም 2017 ዓ.ም ፍሉይ ሕታም

ሓሙስ

ብር 10.00

## እንኳዕ ንሓዱሽ ዓመት ብሰላም ኣብፀሐኩም



ኣቡነ ማቲያስ ቀዳማዊ ፓትሪያርክ



ሼክ እንድሪስ ዓሊ



ብፁእ ካርዲናል ኣቡነ ብርሃነኢየሱስ



ፓስተር ፃድቁ ኣብዶ



ቄስ ዶክተር ዮናስ ይገዙ

## ዝረኣዩ ዘለዉ ጎንፂታትን ዘይምርድዳእን ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ተወጊዶም ሰላም ክሰፍን ኣቦታት ሃይማኖት ፃውዒት ኣቕሪቦም

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ኣብዛ ሃገር ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ዘለዉ ጎንፂታትን ዘይምርድዳእን ተወጊዶም ሰላም ክሰፍንን ሃገራዊ ሓድነት ክጥንከርን ኣቦታት ሃይማኖት ፃውዒት ኣቕሪቦም። ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ኣብ ፀገም ውሽጢ ዝርከቡ ወገናት ምድጋፍ ከምዝግባእ 'ውን ኣተሓሳሲቦም።

ብፁእ ወቅዱስ ኣቡነ ማትያስ ቀዳማዊ ፓትሪያርክ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዘኢትዮጵያ ሊቀ ጳጳስ ዘኣክሱም ወእጨጌ ዘመንበረ ተክለሃይማኖት ሓዱሽ ዓመት ኣመልኪቶም ኣብዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ፤ ዓርሲ በዓርስኻ ጎንፂ፣ ጥሜት፣ ኩናት፣ ድኽነት፣ ድሕረት፣ ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ቕድሚ ዓለም ፍሉይ መፍለይና ኮይኑ ኣሎ።

ሕዚ 'ውን ካብዚ ፀገማትና ዘይተላቐቕና ኣጣናኺርና ንምቕፃል ውዕል ዝኣተና ክሳብ ንመስል እናቐፀልናዮ ንርከብ ዝበሉ እቶም ፓትሪያሪክ፤ ኸምዚ ዓይነት ልምዲ ክንሓፍረሉን ንስሃ ክንኣቱን 'ምበር ክንቕፀለሉ ኣይግባእን ኢሎም።

ኢትዮጵያ ንዓለም ዝተርፍ ሃፍተ ገነት ኣለዋ፤ ንዓይ ንዓይ ምባል ናይ ህዝብና መከራን ስቓይን እንተይኣናዋሕና ብማዕርነትን ብሓድነትን ሃገርና ብምሕዳስ ብናይ በኣልና ፀጋታት ክንምራሕ ኣለና ክብሉ ተዛሪቦም።

ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ጎንፂታት ብልዝብ፣ ምፍልላይ ብሓድነት፣ ዘይምስምዕማዕ ብዕርቒ ብምፍታሕን ብምሕዳስን ድልዱል ማሕበረሰብ ንምህናፅ ኩሉ ሓላፍነታዊ ግዲኡ ክዋፃእ ኣተሓሳሲቦም።

ስራሕ ኣካያዲ መጅሊስ ፌዴራል፣ ተወካሊ ክልል ኣምሓራን ሓላፊ ዘፈር ምርምር ሼክ እንድሪስ ዓሊ ብግዲኦም፤ ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ናይ ኩሉ ሰብ ትልምን ተግባርን ምስ ሰላም ሃገር ዝተኣሳሰረ ክኸውን ኣለዎ ኢሎም።

ከም ገለፃ ሼክ እንድሪስ፣ ብናይ ሙስሊም ኣስተምህሮ ሰብ ምስ

ዝረኣዩ ዘለዉ ... ገፅ 2



## ‹‹2017 ዓ.ም ዝልውጠና ዘይኮነስ እንልውጦ ዓመት ንክኸውን ትምኒተይ ‘ዩ››

**- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር)**

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሓዱሽ ዓመት 2017 ዓ.ም ዝልውጠና እንተይኮነስ ንልውጦ ዓመት ክኸውን ትምኒተይ ‘ዩ ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም፡፡

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ነዚ ዝበሉ ኣብ ድሮ በዓል ሓዱሽ ዓመት እንኳ ንሓዱሽ ዓመት 2017 ዓ.ም ብሰላም ኣብፀሐኩም ዝብል መልእኽቲ እንተመሓላልፉ ‘ዩ፡፡

ኣብ 2016 ንኢትዮጵያ እንታይ ኣዐዊትና? ኣብ 2017 ከ ንኢትዮጵያ እነታይ ኣዳሊውና? ናይ ዞም ሕቶታት መልሲ ትርጉም ምልዋጥ ዘበን ይቕይሮ ‘ዩ፡፡ ዘበን ይልውጠና ኣሎ ወይስ ንዘበን ንልውጦ ኣለና? ዝብል የረድኣና፡፡

ንኢትዮጵያ ዘበን እናለወጣ ንብዙሕ እዋን ነይራ ‘ያ፡፡ ሓሓሊፉ ድማ ብብርታዐን በፃዕርን ንዘበን ለዊጣቶ ትፈልጥ ‘ያ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ዘበን እንትልውጠና፤ ካብ ጎቦ ከም ዝተፍንቐለ እምኒ ናብ ዝሓሰብናዮ ዘይኮነስ ናብ ዝደለዮ ‘ዩ ዝወስደና ክብሉ ኣረዲኦም፡፡

ዘመን ዕድል ‘ዩ፤ ነቲ ዘመን ምጥቃም ግና ውፅኢት ስራሕ ‘ዩ፤ ፈጣሪ ንኹለና ብማዕረ ዘመን ሂቡና ‘ዩ፡፡ ኣፍላላይ ዝፍጠር ግና ኣብቲ ዘመን ብምስራሕን ብዘይምስራሕን ‘ዩ ኢሎም፡፡

‹‹2017 ዓ.ም ... ገፅ 2

“ኹሉ ወዲ ሰብ ሓደ ስለዝኾነ ብሰላምን ፍቕርን ተረዳዲኡ ክነብር ኣለዎ”

- ኣባ ጥዑመ ልሳን ኪዳነማርያም

ገፅ 6

መሻገሪ ሓድሽ ተስፋ

ገፅ 7

# መልእኽቲታት ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ሕድሕድ መዓልቲታት ጳጉሜን

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣብ ዝሓለፉ ናይ ለውጢ ዓመታት መዓልታት ጳጉሜን ንሓድነትን ምትሕግጋዝን ዜጋታት ብዘጉልሕ መንገዲ ብድምቕት እናተኸበረ ምምፅኡ ዝዝከር ‘ዩ።

ሎሚ ዘበን ናይ 2016 ዓ.ም ሓሙሽቲኦን መዓልታት ጳጉሜን ብብርኪ ሃገር ብዝተፍላለዩ ስያመታት ማለት፣ 1ጳጉሜን መዓልቲ ምስጋር፣ 2ጳጉሜን መዓልቲ ሪፎርም፣ 3ጳጉሜን መዓልቲ ሉኣላዊነት፣ 4ጳጉሜን መዓልቲ ህብር፣ 5ጳጉሜን መዓልቲ ፅባሕ ተባሂሎም ብዝተሰየምዎ መሰረት ተኸቢሮም ‘ዮም፡፡

ብመሰረት ስያመ ሓሙሽቲኦን መዓልታት ጳጉሜን ስዒቡ ቐዳማይ ሚንስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ሕድሕድ እተን መዓልቲታት ብማሕበራዊ ምትእስሳር ገፆም ዘሕለፍዎ መልእኽቲ ድማ ነዚ ዝስዕብ ይመስል፡፡

### ጳጉሜን 1 መዓልቲ ምስጋር

ኣብዚ ንምብፃሕ ብዙሕ ሰጊርና ኢና። ዘይተመዘዘ ሰይፊ፣ ዘይተሰበኸ ኲናት፣ ዘይተተኸለ መፃወድያ፣ ዘይተፈሓሰ ውዲት፣ ዘይተኾዓተ ገደል፣ ኣይነበረን። ኩሉ ብሓገዝ ፈጣሪ እናሰገርናዮ ኢና።

ኲናት፣ ለበዳ ኮሮና፣ ጎንፂ፣ ዕስለ ኣንበጣ፣ ላዕልን ታሕትን ግድብ ህዳሰ፤ ሰጊርናዮም። ንኻልኦት ‘ውን ንሰግር ኣለና።

ተሳገርቲ ኢና። መስገሪና ‘ውን ዘይስበር ‘ዩ። ኣማዓዲና ኣይንተርፍን። ኣብ ማእኸል ‘ውን ኣይንወድቅን፡፡ ብዓወት ከም እንሳገር ክንድፃፍ ዝኣክል ኣይንጠራጠርን።

### ጳጉሜን 2 መዓልቲ ሪፎርም

ኣብዮት ፅቡቕ ምስ ሕማቕ ኣጃሚሉ ፀሪጉና ‘ዩ። ተሳጋሪ ትካላት ክንሃንፅ ኣየኸኣለናን። ነዚ ኢና ድማ ሪፎርም መሪፅና። እናዘመንና፣ እናነፀርና፣ እናመርመርና፣ ዝጠቕመና ንወስድ፤ ዘይጠቕመና ንድርብዮ።

በዚ ሓሳብ እዚ ዓቢዩ ዓወት ነመዝግብ ኣለና። ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፀጥታ ዘፈር፣ ሕጊ፣ ሕርሻ፣ ትምህርትቲ ናይ ሲቪል ሰርቪስ ሪፎርምታትን ዕናዕወትና ኣብ ምጉዓዝ ኢና ዘለና። ብምትሕብባር እንተሰሪሕና ዘይነሳኸዖ ሪፎርም፤ ዘይብፃሕ ብልፅግና የለን።

### ጳጉሜን 3 መዓልቲ ሉዓላዊነት

ልዑላውነትና ሓሊና ምንባርና የኹረዐና፡፡ ግዝኣታዊ ልኡላውነት በይኑ ደው ከምዘይብል ንርዳእ ኢና። ልኡላውነት ኩለመዳያዊ ክኸውን ኣለዎ።

ልኡላውነት ምግቢ፣ ልኡላውነት ቴክኖሎጂ፣ ልኡላውነት ባጀት፣ ካልኦት ዓበይቲ ሃገራዊ ልኡላውነት ፀኒዖም ደው ዝብሉ ‘ዮም። እዞም ልኡላውነት ዘርፍታት ንምኽባር ሓድሽ ዓይነት ሓርበኝነት የድልየና። ናይ ብሄራውነት ሓርበኝነት።

ናይ ብሄራውነት ሓርበኝነት ኣብ ኩሉ ዝተዋፈርናሉ ዓውዲ ኩለመዳያዊ ልኡላውነት ኢትዮጵያ ንምኽባር ናይ ግዜ፣ ፍልጠት፣ ገንዘብን ጉልበትን መስዋእቲ ምኽፋል ‘ዩ። ሃገር ብደቓ ትህነፅን ትሕሎን።

### ጳጉሜን 4 መዓልቲ ሕብሪ

ኢትዮጵያ ናይ ብዙሓት ብሄራት፣ ቋንቋታት፣ እምነታት፣ ስልጣነታት ኮይና ብዙሓት ጀጋኑ ዝነብሩላ ሃገር ‘ያ። ኢትዮጵያ ህብር ‘ያ።

ኩሎም ናትና ብኣና ንበዓልና ዝተዋሃቡ ‘ዮም። ንኹሉ ነኽብር ኢና። ብኹሎም ንሕበን ኢና።

ህብረ ብሄራውነትና መልክዕና ‘ዩ፤ ሓድነትና ድማ ህላወና ‘ዩ። ከምዚኦም ዝበሉ ህብራዊ ፀጋታት ኣብ ሓንቲ ሃገር ኢትዮጵያ ‘ዮም ዝርከቡ። ዕላማና ሓንቲ ናይ ፖለቲካውን ቁጠባውን ማሕበረሰብ ምህናፅ ‘ዩ። ዕላማና ብልፅግና ኢትዮጵያ ‘ዩ። እዚ ‘ዩ ሓድነትና።

ዝተበታተንና ህብርታት ኣይኮናን፤ ዝተጨፍለቕና ሓደ ዓይነት ‘ውን ኣይኮናን። ንሕና ህብረ ብሄራዊ ሓድነት ዘለና ኢትዮጵያውያን ኢና።

### ጳጉሜን 5 መዓልቲ ፅባሕ

ትማሊ ተወዲኡ። ሎሚ ‘ውን እናተገባደደ ‘ዩ፡፡ ፅባሕ ግን ገና ኣይተተንከፈን። ስለዚ ፅባሕ ንምጥቃም ሎሚ ከንሰርሕ ኣለና።

ግድብ ህዳሰ፤ ፕሮጀክትታት ገበታ ንሃገርን ገበታ ንወለዶን፤ መንገድታትን ግድባትን፤ ትካላዊ ህንፀት ስራሕቲ፤ ሓምለዋይ ኣሰርን ኢትዮጵያ ታምራትን፤ ልምዓት ኮሪደርን ናይ ሌማት ትሩፋትን፤ ዲጂታል ኢትዮጵያን ምገባ ኣብያተ ትምህርትን፤ ሃገራዊ ምኽክርን ስግግር ፍትሕን፤ ካልኦት... ፅባሕ ዝሓሸ ንምግባር እንሰርሖም ‘ዮም፡፡

ናይ ፅባሕ ወለዶ ኣዝያ ዝሓሸት ኢትዮጵያ ከምዝርከብ ርግፀኛታት ኢና። ስለዚ ንፅባሕ ሎሚ ከንሰርሕ ይግባእ።

# “ብሉኣሳዊነትን ኽብርን ኢትዮጵያ ኣይንደራደርን“

## - ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር)

**በሪሁ ኣረጋ**



ፎቶ ዳኘ ኣበራ

ኣዲስ ኣበባ፡- ብሉኣላዊነትን ኽብርን ኢትዮጵያ ኣይንደራደርን ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ገሊፆም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) መዓልቲ ሉኣላዊነት “ሕብሪ ንኹለመዳያዊ ሉኣላዊነት” ብዝብል ቴማ ኣብ ሓፈሻዊ መምርሒ ሚኒስቴር ምክልኻል ብሰንበት እንትኽበር ከምዝተዛረብዎ፤ ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኻ ንዝኾነ ተንኪፋ ኣይትፈልጥን፤ እንተተንኩፎምዋ ግና ብሉኣላዊነታን ኽብራን ኣይትደራደርን።

ንኢትዮጵያውያን ንዝኾነ ዘይምትንካፍ ተግባርና፣ መንነትናን መግለፂናን ‘ዩ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ሰላም ንልምዓትን ብልፅግናን መሰረት ብምዃኑ ንዝኾነ ናይ ምትንካፍ ድልየትን ዕላማን የብልናን ኢሎም።

ኾይኑ ግና ኢትዮጵያ እንተተንኪፋ ኣሕፈርካ ናይ ምምላስ ታሪኽ ከምዘለዋ ገሊፆም፤ እቲ ኽብሪ ሃገር ዝኾነ ጅግና ሰራዊት ምክልኻልና ሉኣላዊነት ኢትዮጵያ ንምኽባር ከምኡ ‘ውን ሰላምን ድሕንነትን እቲ ዞባ ንምሕላው ኣብ ዘተኣማምን ቑመና ድልውነት ከምዝርከብ ኣፍሊጦም።

ድልየት ኢትዮጵያ ካብ ልመና ምግልጋል፣ ካብ ረድኤት ምልቓቕ፣ ፍርያት ብሰፊሑ ምፍራይን መሰረታዊ ድልየታት ምምላእን ምዃኑ ገሊፆም፤ ነቲ ሽቶ ንምስኻዕ ብውሽጢ ኾነ ደገ ሰላም የድልየና ‘ዩ ኢሎም። ብመንፈስ ምትሕብባር ሓቢርካ ናይ ምዕባይ ድልየት ኣለና፤ ከይተንከፍናዮም ዝትንክፉና እንተሃልዮም ግና ኣሕፈርካ ምምላስ ካብ ታሪኽና ዝወረስናዮ ‘ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ሉኣላዊነትና ሓሊውና ምንባርና የኹርዐና ‘ዩ። ሉኣላዊነት ግዝኣት ንበይኑ ደው ከምዘይብል ግና ተረዲእና ኢና ኢሎም።

ሉኣላዊነት ኹለመዳያዊ ክኸውን ከምዘለዎ ሓቢሮም፤ ሉኣላዊነት ምግቢ፣ ሉኣላዊነት ቴክኖሎጂ፣ ሉኣላዊነት በጀት፣ ነቲ ዝዓበየ ሉኣላዊነት ሃገር ብፅንዓት ደው ዘብሉ ምዃኖም ኣረዲኦም። ነዞም ዘፈራት ሉኣላዊነት ንምኽባር ሓዱሽ ዓይነት ሓርበኝነት ከምዘድልየና ተዛሪቦም።

ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኣብ ኢትዮጵያን ኣብቲ ዞባን ሰላም ዘምፅእ ጥራሕ ዘይኮነስ ልምዓት ዘካይድ፣ ኢንዱስትሪ ዘስፋሕፍሕ፣ ካብ ፀገም ዘውፅእ፣ ዝመራመር ዝምህዝ ‘ዩ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ኹላትና ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ኹለመዳያዊ ሉኣላዊነት ኢትዮጵያ ክነረጋግፅ ኣለና ክብሉ መልእኽቶም ኣሕሊፎም።

ኣብቲ መርሃ ግብሪ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ባንዴራ ኢትዮጵያ ሰቒሎም። ንሉኣላዊነት ሃገሮም ንዝተሰዉኡ ጀጋኑ ጧፍ ናይ ምብራህ ስነ-ስርዓት ተሳሊጡ።

ሉኣላዊነት ኢትዮጵያን ድሕንነት ህዝቢን ብዝተዋደደን ብዘተኣማምንን ኩነታት ንምሕላው ቆራፃትን ድሉዋትን ከምዝኾኑ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻልን ፖሊስን ገሊፆም።

“ህብር ንኩለመዳይ ሉኣላዊነት” ብዝብል ቴማ 3 ጳጉሜን መዓልቲ ሉኣላዊነት፣ ፖሊስ ፌዴራልን ሰራዊት ምክልኻልን ሓዊሱ ካልኦት ኣካላት መኸበርቲ ሰላም ኣብ ዝተረኸቡሉ ተኸቢሩ፡፡

ኣብ ሰራዊት መከልኻል ሃገር ሓላፊ መምርሒ ወፍሪ እዚ ሰሜን ምብራቕ መበል 801 ኮር ሻለቃ መላኩ ቶላ ከምዝገለፁዎ፥ እቲ ሰራዊት ድሕንት ሃገርን ህዝቢን ንምሕላው ምስ ህዝቢ እናሰርሐ ይርከብ።

”ክሳብ ህይወት መስዋእቲ ብምኽፋል ሉኣላዊነት ኢትዮጵያ ብዘላቕነት ንምሕላው ሎሚ እውን ቆራፃትን ድሉዋትን ኢና” ክብሉ ‘ውን ኣፍሊጦም።

ሕብረተሰብ ‘ውን ሓድነቱ ሓሊዩ ኣብ ጎንና ምስላፉ ብዝበለፀ ጅግንነት ንኽንላበስ ገይሩና ኢዩ ዝበሉ ሻለቃ መላኩ፣ ሎሚ መዓልቲ መዓልቲ ሉኣላዊነት ብሓባር ከኽብሩ ምኽኣሎም ንዝሓሸ ኣፈፃፅማ ወፍሪ ተበግሶ ዝፈጥር ከምዝኾነ ምግላፆም ግዜኢ ፅብፂቡ።

ብኻሊእ ዜና ሰራዊት ምክልኻል ናይ ተስፋሕፋሕቲ ጎስጓስ ኲናት ንምምካት ኣብ ዘኽእል ዝተማልአ ወተሃደራዊ ቁመና ይርከብ ክብሉ ላዕለዋይ ኢታማዦር ሹም ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ፊልድ ማርሻል ብርሀኑ ጁላ ገሊፆም።

ፊልድ ማርሻል ብርሀኑ ጁላ ኣብ መበል 47 መስረታ በዓል እዚ ምብራቕ ኣብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ፣ ናይቲ እዚ ምስረታ በዓል ምስ ፈታዊ ሰላም ዝኾነ ህዝቢ ሶማሌን ኣባላትን ኣመራርሓን ጅግና እዚ ምብራቕን ንምኽባር ብምኽኣለይ ሓጎስ ይስመዐኒ ኢሎም።

እቲ እዚ ካብ ምስረትኡ ጀሚሩ ተስፋሕፋሒ ሰራዊት ዚያድ ባሬ ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ሓይሊታት ግብረ ራዕዲ ብምክልኻል ኣብ ዝተፈላላዩ ክፍልታት እታ ሃገር ዝተውሃቦ ግዳጅ ብጅግንነት እንትምክት ዝፀንሐ ጅግና እዚ ከምዝኾነ ገሊፆም።

እቲ እዚ ሰራዊት ዚያድ ባሬ ናብ ማእኸል ዓዲ ዝገበሮ ወረራ መስዋእትነት ብምኽፋል ሓዊሱ ዶብ ሃገሩ ከምዘኽበረ ኣዘኻኺሮም።

እቲ እዚ ናይ ሃገር ሰላም፣ ሉእላውነትን ሓድነትን ኣብ ምሕላው ልዑል ዋጋ ከምዝኸፈለን ዘኹርዕ ተግባር እቲ ሰራዊት ከምዝኾነን ገሊፆም።

ሰራዊት ምክልኻል፥ ሃገር ንምውራር ዝፈተኑ ሓይሊታት ንምምካት ኣብ ዘኽእል ቁመና ከምዝርከብ እውን ኣረጋጊፆም።

# ዝረኣዩ ዘለዉ ጎንፂታትን ዘይምርድዳእን ኣብዚ ሓዱሽ...

ቤተሰቡ ሰላም እንተኾይኑን ኣካሉ ጥዑይ እንተኾይኑን ንዓለም ኣብ ኢዱ ኣብውዒልዋ ይበሃል። ኩልና ናይ ሓንቲ መዓልቲ ሰላም ብዙሕ ትርጉም ዘለዋ ምስምዃና ተረዲእና ንሰላም ሃገር ቕድሚኣ ብምሃብ ምሕላው የድሊ ክብሉ ኣማላኺቶም።

ካብ መራሕቲ ሃይማኖት ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለዩ ሓላፍነት ቦታ ዘለዉ ውልቐ ሰባት መዓልቲ መዓልቲ ብዛዕባ ሰላም ብምምሃር ናይ ተግባር መምህር ክኾኑ ይግባእ። ብሓፈሻ ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ክንሓስብን ክንሰርሕን ኣለና፤ በዚ ካብ ፀገም ወፂእና ናብ ልምዓት ከመይ ከምእንሰጋገር ክንሓስብን ክንሰርሕን ይግባእ ክብሉ ተዛሪቦም።

ብኻሊእ ወገን ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ወገናትና ብተፈጥሮን ሰብ ስራሕን ሓደጋታት ንዝኸፍአ ፀገም ተሳጢሖም ‘ዮም ዝበሉ ሼክ እንድሪስ፤ ምርድዳእ ናይዚ ሓዱሽ ዓመት ዕላማና ብምግባር ኣብ ፀገም ንዝርከቡ ወገናትና ከንድግፎም ይግባእ ኢሎም።

ሊቐ ጳጳስ ቤተ ክርስትያን ካቶሊክ ኢትዮጵያ ብፁእ ኣቡነ ካርዲናል ብርሃነኢየሰስ ሱራፌል ብግዲኦም፤ እዚ ሓዱሽ ዓመት ዝተወሃበና ሰናይ ነገራት ክንሓስብን ንናይ ሓባር ረብሓ ዝኾኑ ተግባራት ክንፍፅምን ከንለዓል ኣለና ኢሎም።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተፈታተኑና ፀገማት ሕዚ በቲ ሓዱሽ ዓመት ምእንቲ ከንፈትሖም እግዚኣብሄር ናይ መፍትሒ መንገዲ ከርኤና እንፅልየሉ ግዜ ‘ዩ ኢሎም።

እዚ ሓዱሽ ዓመት ንዝጠመዩ፣ ንዝፀምኡ፣ ንዝዐረቑ፣ ንዝተፈናቐሉ፣ ንዝተኣሰሩ፣ ንዝሓመሙን ንዝሓዘኑን እንበፅሓሉ ግዜ ይኹነልና ክብሉ መልእኽቶም ኣሕሊፎም።

ፕረዚዳንት ሕብረት ወንጌላውያን ኣብያተ ክርስትያናት ኢትዮጵያ ፓስተር ፃድቑ ኣብዶ ብግዲኦም፤ ኣብዝሓለፉ ዓመታት ዝተፈፀሙ ዘየድልዩ ተግባራትን ዘይምጥኑናን፣ ካብ ቺም በቐልን ሸለልትነትን ዝተላዓሉ ‘ምበር ብተፈጥሮ ዝወረስናዮም ወይ ፈጣሪ ዘሸከመና ዕዳታት ከምዘይኮኑ ኣፍሊጦም።

ብናይ በዓልና ሸለልትነትን ትዕቢትን ዘምፀኣናዮም መዘዛት ብምስትውዓልን ብጥበብ ብምርሓቕ ምክብባርን፣ ይቕሬታ ብምብህሃልን ካብ ኣድልዎ ናፃ ዝኾነ ርክብ ምጥንኻር ከምዝግባእ ኣማላኺቶም።

እዚ ሓዱሽ ዓመት ናይ በረከትን ሰላምን ክኾነልና፣ ኣጥቢቕና ብዛዕባ ምድርና ንፅልየሉን ንሓቒ ጠጠው ንብለሉ ይኹነልና ክብሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ፕረዚዳንት ወንጌላዊት ቤተ ክርስቲያን መካነ ኢየሱስ ኢትዮጵያ ቄስ ዶክተር ዮናስ ይገዙ ኣብዘሐለፍዎ መልእኽቲ፣ ናብዚ ሓዱሽ ዓመት ከንሰጋገር ዝኸኣልና ብፍቓድ እግዚኣብሄር ብምዃኑ ኣብዝሓለፉ ዓመታት ዝተረኣዩ ድኽመታት ብምእራምን ጥንካረታት ብምቕፃልን ንምምሕያሽ ናብራ ዜጋታት ኩሉ ክተግህ ይግባእ።

ንእግዚኣብሄር ምፍራሕን ሰናይ ተግባራት ምልባስን ካብ ኩሉ ዜጋ ትፅቢት ይግበር ዝበሉ እቶም ፕረዚዳንት፤ ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ናይ ካልኦት ጥቕምን መንነትን ዘይትንከፉ ተግባራት፣ ብተኣማንነትን ብቕንዕናን ንምክንዋን ምልዕዓል ከምዝግባእ ገሊፆም።

እዛ ሃገር ካብዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ንነዘ ዝፈታተና ዘሎ ናይ ሰላም ስእነት ከምዘሎ ኮይኑ ኣብተፈላላዩ እዋናት ዝፍጠሩ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ፀገማት ናብራ ዜጋታት እናኽበደ ከምዝኾነ ግልፂ ‘ዩ ክብሉ ተዛሪቦም።

ኣብዚ ሓዱሽ ኣመት ዝተፈላላዩ ፀገማት ዝበፅሖም ወገናት ብፍላይ ዝንከባኸብን ዘዐብዮም ዘይብሎም ህፃናት፣ ዓቕሞም ዝደኸሙ ወገናት፣ ኣረጋውያን፣ ጥዕና ዝሰኣኑ፣ ብድኽነትን ተፈናቒሎምን ኣብ ፀገም ዝርከቡ ወገናት ተሓሳቢ ብምግባር ክኸውን ይግባእ ክብሉ መልእኽቶም ኣሕሊፎም።

# ‹‹2017 ዓ.ም ዝልውጠና...

ኣብ ውሽጢ ታሪኽና እንኾርዐሎም መዕራፋት ኣለዉና፤ እዞም እዋናት ካሊእ ዘይኮኑስ ዝተወሃበና ናይ ዘበን ዕድል ብዝግባእ ተጠቂምና ንሰርሓሎም እዋናት ‘ዮም ክብሉ ወሲኾም ኣረዲኦም፡፡

ከም ገለፃ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ፤ ኣንሕና ደለና ኣይደለና ዘመን ይልወጥ ‘ዩ፡፡ ግዘ ንቀድሚት ጥራሕ ዝኸድ ማሽን ስለዝኾነ፣ ዝኾነ ይኹን ደው ዘብሎ የለን፡፡ ኣንፍቱ ዝቕይሮ ‘ውን የለን፡፡ እቲ ዝክኣል ግና ብግዘ ምጥቃም ጥራሕ ‘ዩ ኢሎም፡፡

‹‹ክረምቲ ንሰነፍ ሓረስታይ መዓት፤ንንፉዕ ሓረስታይ ከዓ ምሕረት ‘ዩ” ይበሃል›› ምሕረትን መዓትን ምስ ዘናብ ዝመፅእ ዘይኮነስ ካብቶም ሓረስቶት ምድላውን ስራሕን ዝረከብ ‘ዩ፡፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰነፍ ሓርስታይ ዘበን ይልወጥ፤ እቲ ብርቱዕ ሓርስታይ ገና ነቲ ዘበን ባዕሉ ይልውጦ ክብሉ ኣረዲኦም፡፡

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ሰናይ ሓዱሽ ዓመት

ሓዱሽ ዓመት ብዝመፅአ ቑፅሪ ከም ሃገርን ከም ውልቀ ሰብን ሰናይ ዘበን ፣ዘመነ ራህዋና ቅሳነትን ከምኡ'ውን ዘመነ ዕቤትን ብልፅግናን ንክኾን ተመኒና ሓዱሽ ዓመት ንቕበል ኢና፡፡ከም ሃገርን ውልቀ ሰብን ትልሚ ተልሚና ብታሕጓስን ብተስፋን'ዩ ንሓዱሽ ዓመት ንቕበል፡፡

ኣብ ድሮ ሓዱሽ ዓመት ኮይንና ኣብ ወርሓ ጳጉሜን ዝነበራ ሓሙሽተ መዓልትታት ቐፃሊ ዓመት ሰናይ ንክኾን፣ሰላምን ራሕዋን ንክዓስሎ፣ብልፅግና ሃገር ንክመፅእ ዘለና ትምኒት ዘመልክቱ ስያሜታት ብምሃብ ብዝተፈላለየ ምድላው ፅምብል ድሮ ሓዱሽ ዓመት ኣኺቢርና፡፡ሓዱሽ ዓመት'ውን ተቐቢልና፡፡

ዓሚ ብተስፋ ዝተቐበልናዮ 2016 ዓ.ም ከም ሃገር ዓበይቲ ጉዳያት ተልሚና ንምስኻዕ ሰሪሒናሉ ኢና፡፡መንግስቲ ዓብይ ዋኒኑ ዝነበሩ ስራሕቲ ሓምለዋይ ዓሻራ፣ክልተ ተርባይን ምጅማር ሓይሊ ኤሌክትሪክ ዓብይ ግድብ ህዳሴ፣ናይ ሌማት ቱሩፋት፣መስኖ ሓጋይ፣ልምዓት ኮሪደርን ምምይሓሽ ስርዓት ፋይናንስን ከምኡ'ውን ካልኦት ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ሓኒፁን ኣመሪቑን'ዩ፡፡ብኻሊእ ወገን ድማ ድህንነትን ፀጥታ ሃገር ብምሕላው ሰብ ብሰላም ኣትዩ ክወፅእ ብምግባርን ከም ሃገር ዝተረጋገፀ ሰላም ንክህልው ፃዕሪ ገይሩ'ዩ፡፡ይገብር'ውን ኣሎ፡፡

ኣብ ሃገርና ዝፈጠሩ ፖለቲካዊ ኣፈላላያትን ቅርሕንቲን፤ኹሉ ብማዕረ ዘይተስማመዐሎም ጉዳያት ሕገ መንግስትን ካልኦትን መሰረታዊ ፍታሕ ንምሃብ'ውን ሃገራዊ ምኽኽር ኮሚሽን ኣጀንዳታት ናይ ምፍላይ ስራሕቲ ሰሪሑ፤እናሰርሐ'ውን ይርከብ፡፡

ንነዊሕ ዓመታት ሕቶ ህዝቢ ዝነበረ ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ'ውን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት መዘራረቢ ዓለምን ኣጀንዳን ህዝብን ክኸውን ዘኽእሉ ስራሕቲ ተሰርሖም'ዮም፡፡ሃገርና ኣባል ብሪክስ ብምዃንን ኣብ ካልኦት ዲፕሎማሲያዊ ዓውድታት ውፅኢታዊ ስራሕ ብምስራሕ ካብ ዓለምለኸ ፋይናንስ ትካላት ሓገዝን ደገፍን ረኺባ'ያ፡፡ከም ሃገር፣ህዝብነ መንግስትን ዓበይቲ ዲፕሎማሲያዊ ዓወታት ዝሓፈስናሉ ዓመት'ዩ፡፡

ኣብ ክልል ትግራይ'ውን ዝተረጋገፀ ሰላም ዓሲሉ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን ምንቅስቓስ እቲ ክልል እናተመሓየሸ ይርከብ፡፡ሃይማኖታዊን ህዝባዊን በዓላት ድሙቕ ብዝኾነ ኹነታት ምብዓል ዝተኸኣለሉ ኹነታት ሓደ መርኣያ'ዩ፡፡ሓዱሽን ዓመት'ውን ብተመሳሳሊ ኹነታት ተኸቢሩ ኣሎ፡፡ኣብ ፍርቂ መስከረም ዝኽበር በዓል መስቀል'ውን ብተመሳሳሊ ድምቀት ከምዝኽበር ትፅቢት ይግበር፡፡

ትማሊ ዝተቐበልናዮ ሓዱሽ ዓመት'ውን ከምዝሓለፉ ዓመታት ብተስፋ ኢና ተቐቢልናዮ፡፡ ሰላምን ብልፅግናን ዝዓሰላ ሃገር ንክትህልወና ኩላትና ካብ ተስፋን ትምኒትን ዝሓለፈ በቢዝተዋፈርናሉ ዘፈር ዓበይቲ ስራሕቲ ክንሰርሕ ይግባእ፡፡ ብፍላይ ኣብ ትግራይ ዝተመዛበሉ ወገናት ናብ መረበቶም ንክምለሱን ሰላማዊ ናብራኦም ንክቕፅሉን ዘኽእሉ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ምስ መንግስቲ ፌዴራል ብምትሕብባር ብቐፃላይነት ክሰራሕ ይግባእ፡፡ከም ውልቀ፣ ህዝብን ሃገርን እዚ ሓዱሽ ዓመት ናይ ዓወትን ውፅኢትን ንክኾን ክንፅዕር ግድን ይኸውን፡፡

እቲ ሐዚ ኣብ መንጎ መራሕቲን ሊሂቃንን ትግራይ ተፈጢሩ ዘሎ ኣፈላላይ'ውን ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ሰላማዊ ብዝኾነ መገዲ መዕለቢ ንክርከበሉ ኩሉ ሰብ ክሰርሕ ኣለዎ፡፡ሰላም ህዝቢ ትግራይ ናብ ድሕሪት ዝመልስ ዝኾነ ተግባርን ተርእዮን ህዝቢ ክቕበሎ የብሉን፡፡ሰላሙን ተስፋኡን ክሕልው ይግባእ፡፡

ልክዕ ከም ዓሚ 2017 ዓ.ም'ውን ናይ ተስፋን ራህዋን ፣ናይ ቅሳነትን ዕቤትን ከምኡ'ውን ብልፅግና ንክኾን ተስፋ ገይርና ተቐቢልናዮ ኢና፡፡ንዚ'ውን ወርሓ ጳጉሜን ዘለዋ ሓሙሽተ መዓልትታት መዓልቲ ምስጋር፣ግልጋሎትን ሪፎርም፣ ሉኣላዊነት፣ሕብር፣ ፅባሕ ብዝብል ስያመ ድሮ ሓዱሽ ዓመት ፅቡቕ ንክኾንን ሓዱሽ ዓመት ድማ ናይ ተስፋን ራህዋን ሓድነትን ንክኾን ትምኒት ዝገልፁ መድረኻት ተኻይዶም'ዮም፡፡ስለዚ እዚ ተስፋዚ ናብ ተግባር ክቕየር ክንሰርሕ ይግባእ፡፡ሰላምናን ሓድነትናን ክነፅንዕ ግድን'ዩ፡፡

ከም ውልቀሰብ ፣ህዝብን ሃገርን ኣብ 2016 ዓ.ም ዘጋጠሙና ፀገማት ኣብ 2017 ዓ.ም ክድገሙ የብሎምን፡፡ተስፋ ህዝብን ሃገርን ዘፀልምትን ብዝኾነ ሓይሊ ዝፍፀም ተግባር ኩሉ ወዲ ሰብ ክኹንኖ ይግባእ፡፡በዚ'ውን ኣብ ሓዱሽ ዓመት ሓዱሽ ተስፋ ሒዝና ስራሕና ንጀምር፡፡ንመላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሰናይ ሓዱሽ ዓመት ንክኾን ንምነ፡፡


## ወጋሕታ

ኢፕድ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፦ epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዚጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ እይኮኑን፡፡

## ሓዱሽ ዓመት ንዝሓሸ ሰላምን ልምዓትን

ኣብርሃ ሓጎስ

ወርሒ መስከረም ናይ ዓመት ፈላመይቲ ወርሒ ጥራሕ ዘይኮነትስ ኣብዝሓ ኣብ ሂወትና ብኣውንታውን ኣሉታውን ክፀልውና ዝኽእሉ ሓሳባትን ተግባራትን እንውስነሉን እንጀምረሉን ወርሒ 'ውን 'ያ ምባል ይክኣል፡፡ ሓደ ዓመት ተወዲኡ ናብ ካሊእ ሓዱሽ ዓመት ብዝተለወጠ ቁፅሪ ኣብ ሂወትና 'ውን ዝኾነ ዝሓሸ ኣውንታዊ ለውጢ ንክህልው ምሕሳብና ኣይተርፍን፡፡ ኩሉ ሓሲቡ የተግብሮ 'ዩ እነተዘይተብሃለ 'ውን ኣብቲ ኣረጊት ዓመት ዝነበሮ ሂወት ንምምሕያሽ ድልየትን ሓሳብን ክህልዎ ናይ ግድን 'ዩ፡፡ እዚ ከም ውልቀ ሰብ ይኹን ከም ሃገርን ህዘብን 'ውን ዝሓሸ ሰላም፣ ልምዓትን ዕብየትን ንምምፃእ ተስፋ እንገብረሉን እንምንየሉን 'ዩ፡፡

በዓላት እንትኽበሩ ሃይማኖታዊ፣ ባህላዊ፣ ታሪኻዊን ወይ ካልኦት መበገሲ ብምገባር እንትኽበሩ ናይ ባዕሎም ዝኾነ ምኽንያት፣ ረብሓን ኣድላይነትን ኣለዎም 'ዩ፡፡ ሓዱሽ ዓመት ብኸመይ ክኽበር ከምዘለዎ ኣቐዲሙ ብዝምልከቶም ሰብ ሞያን መራሕቲ ሃይማኖትን ተገሊፁ ዝተኸብረ ኮይኑ ናይ ባዕሉ መበገሲ ምኽንያትን ዕላማን ብዘለዎ መሰረት ከምቲ ልሙድ ተኸቢሩ 'ዩ፡፡

ንኣብነት ኣብ ሓዱሽ ዓመት ኣብ ሂወትና ክንፍፅሞም እንደልዮም ነገራት ንምጅማር ወይ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ብዝተጠናኸረን ብዝሓሸን መንገዲ ንምዕዋት፣ ከምኡ 'ውን ዝኾነ ዝተቋረፀ ስራሕ መሊስካ ብሓዱሽ መንፈስን ተስፋን ንምጅማር ከም መበገሲን መለዓዓሊን ገይርና ብምውሳድ ሓደ ኢልና ንምፍፃም ዕላማ፣ ትልሚን ኣነፂርና እንብገሰሉ ጠቃሚ ግዘ 'ዩ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ መፃኢ ወይ ቀፃሊ ዓመትና ዝሓሸ ብሩህ ተስፋ ሰኒቕና፣ ሰላም፣ ፍቅሪ፣ታሕጓስ፣ ጥንካረን ዕውት ስራሕን ብዝሓሸ ንምፍፃም እንዳላወሉን ብኣንፃሩ ድማ ኣብ ሂወትና ኣሉታዊ ሰዓቤናት ከብፅሑ ዝኽእሉ ባህርያት፣ ልማዳትን ተግባራትን ካብ ሂወትና ንምርሓቕ እንውስነሉን ንምጅማር ምኽንያት እንገብረሉ ጠቃሚ እዋን 'ዩ፡፡

ስለዚ ሓዱሽ ዓመት ምስ መኽባር ተተሓሒዙ ኣረጊት ዓመት ሰኒና ሓዱሽ ዓመት እንቕበለሉ ካብ ምዃኑ ብተወሳኺ ኣብ ሂውትና ፀላዊ ግደ ዘለዎም ተግባራት ንምፍፃም ወይ ንዘይምፍፃምን ንምልዋጥን ሓሲብና እንውስነሉን እንጅምረሉን ኣብ ሂወትና ሓዱሽ ለውጢ፣ ሓዱሽ ተስፋ፣ ዕብየትን ምዕባለን ኣሳጊርና ብሓሳብ ብትልሚ ኣሳጊርና እንሪኣሉ 'ውን 'ዩ፡፡ ነዚ 'ውን 'ዩ ዝኸውን ኣብዝሓ ሰብ ንሓዱሽ ዓመት ብፍሉይ ኣዝዩ ዝብህጋን ዝናፍቃን ብሃንቀውታ 'ውን ዝፅበያ 'ያ፡፡

እዚ በዓል ካብ ካልኦት በዓላት ዝፈልዮ ኣብዝሓ ሰብ ብዘይ ሃየማኖት፣ ቋንቋን ካባቢን ኣፈላላይ ዝኽበር ኮይኑ ብዙሕ ሰብ ኣብዚ እዋን ፍሉይ ስምዒት ታሕጓስ ይስመዖ ወይ ታሕጓስ ንክስምዖ ዝተፍላለዩ ተግባራት ንምፍፃም ይንቀሳቃስ፡፡ ፍሉይን ደስ ዝብልን ክዳን መሪፁ ይኸደን፣ መሪፁ ይበልዕ፣ መሪፁ ይሰቲ፣ ብዝኸኣሎ ዓቕሚ ምስ ናይ ቐረባን ርሑቕን ኣዝማድ ይተኣኻኸብ፣ ይጠያየቕ፣ ይተሓጋገዝ፣ ይተሓባበር እንኳዕ ኣብፀሐካ/ኪ/ኩም ብምባል ታሕጓሱ ይገልፅ።

ሓዱሽ ዓመት እንትንቅበል ግዜ ጥራሕ ዘይኮነ ዝቕየርስ ተፈጥሮ 'ውን ባዕላ ሓዱሽ ለውጢ ዝተርእየሉ ኩነታት 'ዩ፡፡ ነኣብነት ሓያል ዝናብ፣ ነጎድጓድን ውሕጅን ቀኒሱ ብሓዱሽ ንዓይኒ ሰሓቢ፣ ማራኺ ልምላመን ዕንበባን ምስቲ ምቹው ፀባይ ኣየር ተደሚሩ ብዝበለፀ ሓዱሽ መሲሉ ንክስመዐና ከይገበረ ኣይተርፍን።

እዚ በዓል መፃኢና ብብሩህ ተስፋ እንሪኣሉ 'ዩ ከምዘበልክዎ፤ መፃኢና መሊኡ ብሩህ ንክኸውን ግና ሐዚ ዘሎ ኣንፃራዊ ሰላም ብምዕቃብ ፅባሕ ድማ ካብዚ ብዘበለፀ ምሉእ ሰላም ንክህልወና ብሓድነት ክንሰርሕ ኣለና፡፡ ከምቲ ሓደ እዋን ፕረዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ዝበልዎ፤ ተጋሩ ዋጋ ሰላም ክንፈልጥ ሰላም ክንስእን ግድን ኣይኮነን፡፡ ህዝቢ ትግራይ መዋእሉ ሰላም ስኢኑ እንታይ እናኾነ ከምዝመፅ ናይ ቀረባ ታሪክና ምስክር 'ዩ ካብ ህዝቢ ትግራይ ብላዕሊ ትርጉም ሰላም ከምህር ዝኽእል ክህሉ ኣይክእልን፡፡ ኣልፋን ኦሜጋን ሕርያና ሰላም ምዃኑ ንምርግጋፅ ናብ ውዕል ሰላም ፕሪቶሪያ ንምብፃሕ ዝተኸፍለ ዋጋ ምዝካር ጥራሕ እኹል 'ዩ፡፡ ምርግጋፅ ውሑስ ሰላምን፣ ሓርነት፣ ፍትሕን ማዕርነትን ህዝቢ ትግራይ ድማ ንፅባሕ ዘይበሃል ዋኒን 'ዩ፡፡

> ሓደ ዓመት ተወዲኡ ናብ ካሊእ ሓዱሽ ዓመት ብዝተለወጠ ቁፅሪ ኣብ ሂወትና 'ውን ዝኾነ ዝሓሸ ኣውንታዊ ለውጢ ንክህልው ምሕሳብና ኣይተርፍን። ኩሉ ሓሲቡ የተግብሮ 'ዩ እነተዘይተብሃለ 'ውን ኣብቲ ኣረጊት ዓመት ዝነበሮ ሂወት ንምምሕያሽ ድልየትን ሓሳብን ክህልዎ ናይ ግድን 'ዩ።

ምኽንያቱ ሰላም እንተሃልዩ 'ዩ ዘሓሸ ተስፋ ዘለዎ ፅባሕ ኣሳጊርና ክንርኢ፣ ክንሓስብን ክንትልምን ሓሪስና ነጊድና ብሓፈሻ ሰሪሕና ክንኣትው እንኽእል፡፡ ከምዝፍለጥ ሰላም ንሓደ ህዝብን ሃገርን ዕብየት ኢኮኖሚ ወሳኒ 'ዩ። ብዘይ ሰላም ዘላቒ ቁጠባ ምህናፅ ኾነ ምዕቃብ ከቢድ 'ዩ። ሰላምን ኢኮኖሚን ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገፃት 'ዮም። ሰላምን ኢኮኖሚን ክነፃፀሉ ዘይኽእሉ ክልተ ወሰንቲ ጉዳያት 'ዮም። ዝተረጋገፀ ሰላም ኣብ ዘይብሉ ኢኮኖሚ ብዝድለይ ደው ኢሉ ክኸይድ ከምዘይኽእልን ዋላ እኳ ምንቕስቓስ ኢኮኖሚ እንተቀፀለ 'ውን ብዘተሓሰቦ ኸይዱ ዕላምኡ ክወቅዕ ኣይኽእልን፡፡

ዝተፈላለዩ በዓላትና ከም ኣሸንዳ፣ ሓዱሽ ዓመትን ካልኦት በዓላት ፅቡቕ ተኸቢሮም ዝሓልፉ ዘለው 'ውን በዚ ዘሎ ኣንፃራዊ ሰላም 'ዩ፡፡ ኣብ ትግራይ ሰላም ኣብ ዘይነበረሉ እዋን ምልስ ኢልና እነተርኢና ዳርጋ እንኳዕ ንሓዱሽ ዓመት ኣብፀሐካ ዝበሃለሉ ኩነታት ኣይነበረን። ሐዚ ግና ዋላ ሙሉእ ኣይኹን እዚ ታሪኽ ተቐይሩ ብታሕጓስን ምትሕግጋዝን እናተኸበረ ይሓልፍ ኣሎ። ዋላ ሙሉእ ኣይኹን ክብል እንተለኹ ክሳብ ሕዚ ብዙሕ ህዝቢ ተፋናቒሉ ክሳብ ሕዚ ናብ መረበቱ ከይተመለሰ ኣብ ከቢድ ፀገም ዘሎ ስለዝኾነ 'ዩ። ስለዚ ሰላምና ሙሉእ ንክኸውን ሕቶ ውፁዓት ተመዛበልቲ ወገናትና 'ውን ክንርስዕ የብልናን፡፡

ሓሳበይ እንተጠቓልል፣ ሓዱሽ ዓመት እንትነኽብር ዘርኣናዮም ምትሕልላይን ምትሕግጋዝን ካልኦት ንህዝብን ሃገርን ረብሓ ዘለዎም ተግባራትን ሙሉእ ዓመት ንክቅፅሉ ብምስራሕ፤ ብሓፈሻ ዘለው ፀገማትና ንክቕረፉ፣ ዝተፈላለዩ ልምዓታት ዝሳለጠላ ስልጥንትን ምዕብልትን ትግራይ ንምፍጣር ኩልና ተጋሩን ፈተውቲ ተጋሩን ብሓድሽ መንፈስ፣ ተስፋን ወነን ተላዒልና ክንሓስብ፣ ክንትልም፣ክንሰርሕን ንዘላቒ ዕብየትን ዳግመ ሕውየትን ትግራይ ዘዝኸኣለናዮ ፀፀር ብምድረባይ ግዴና ንዋፃእ ይብል።

ፍሉይ ሕታም

## ዕዱም ጋሻ

# “ኹሉ ወዲ ሰብ ሓደ ስለዝኾነ ብሰላምን ፍቕርን ተረዳዲኡ ክነብር ኣለዎ”

## - ኣባ ጥዑመ ልሳን ኪዳነማርያም

ኣብርሃ ሓጎስ

ናይ ሎሚ ጋሻና ሲቀ ልቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን ኪዳነማርያም ናይ መንበረ መንግስት ግቢ ቅዱስ ገብርኤል ገዳም ዋና ኣመሓዳሪ ”ዮም። ኣባ ጥዑመ ልሳን ኪዳነማርያም ዝተፈላለዩ መንፈሳዊ መፃሕፍቲ ብምፅሓፍ ዝፍለጡ ኮይኖም፣ ኣብ ትግራይ ዞባ ማእኸል ኣብ ተንቤን ብ1956 ዓ.ም ተወሊዶም ክሳብ መዓርገ ዲቁና ኣብ ዝተወለዱሉ ከባቢ ዝተመሃሩን፣ ብድሕሪኡ ንተወሳኺ ትምህርቲ ናብ ከባቢ ጎንደር ብምኻድ ዝተፈላለዩ መንፍሳዊ ትምህርታት ንዓመታት ድሕሪ ምምሃር ናብ ደብረ ኣባይ ብምኻድ ምንኩስና ተቀቢሎም ናብ ከባቢ ጎንደር ብምምላስ ኣብ ዝተፍላለዩ ከባቢታት ማለት ”ውን ኣብ ገዳም ዋንጫ፣ ከባቢታት ቋራን ደንብያን ንዓመታት እናተዘዋወሩ ብዋናነት መዝገብ ቅዳሴ ኣምሂሮም ”ዮም። ኣብዚ ንዓመታት ዘኻዕበትዎ ፍልጠት ናብ ብዙሓት ንክባፃሕ ብምሕሳብ መፅሓፍ ከሕትሙ ሓሲቦም ናብ ዋና ከተማ ኣዲስ ኣበባ መፂኦም። ኣብዚ ድማ ክሳብ ሐዚ ን30 ዓመታት እናገልገሉ ኣብ ዝፀንሕሉ እዋናት ኣርባዕተ መንፈሳዊ መፃሕፍቲ ፅሒፎም ናብ ሕትመት ኣብቂዖም ”ዮም።

ካብዞም ዝተሓተሙ መፃሕፍቶም መፅሓፈ ቅዳሴ ዝተመለከተ (ዜማታት እቲ ቅዳሴ ብያሬዳዊ ምልክታት ወይ ኖታት ዜማ ዝተመልከተ) ብቋንቋ ብግእዝን ኣምሓርኛን ከምኡ ”ውን መፅሓፈ ሰዓታት ምስ ምልክቱ (ብፍላይ ኣብ እዋን ፆመ ኣርብዓ ብስፍሓት ኣብ ግስጋሴት ዝውዕል) መፅሓፈ ግፃዌ ምስ ምልክቱ እዚ መፅሓፍ ድማ ነቲ ዕለት መሰረት ገይሩ በቢዕለቱ እንታይ ይንበብ እንታይ ይስበኽ ዝገልፅ ”ዩ። መፅሓፈ ሕማማት ምስ ምልክቱ፤ እዚ ድማ ኣብ እዋን ሰሙን ሕማማት ስርዓት ፀሎታት ዝገልፅ ”ዩ። እዞም መፃሕፍቲ ኣብ ኢድ ብዙሓት ንክበፅሑን ብምግባር ብዙሓት ንክግልገሉ ገይሮም ”ዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ክሳብ ሐዚ ን23 ዓመታት ዝኸውን ብኣመሓዳሪነት እናገልገሉ ይርከቡ። ሲቀልቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት ብዛዕባ መበገሲ ምኽባር ሓዱሽ ዓመትን ኣከባበርኡን መንፈሳን ስጋውን ዘለዎ ረብሓን ኣብቲ ሓዱሽ ዓመት ክግበር ዘለዎ መልእኽታትን ምኽርታትን ካልኦት መሰል ሓሳባትን ከምዚ ዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣልና። ሰናይ ንባብ፦

**ወጋሕታ፦ መበገሲ ወይ ፍልፍል ናይዚ እንጥቀመሉ ዘለና ዘመን መቁፀሪ ዓመተ ምህረትን ኣከባብርኡን እንታይ ”ዩ?**

**ሲቀልቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን፦** ናይዚ እነኽብሮ ዘለና በዓል ሽሙ ርእሰ ኣውደ ኣመት ቅዱስ የውሃንስ ይብሃል። ብሓደ ሓደ ከባቢታት ድማ ብፍላይ ብከባቢ ኣምሓራ እንቁጣጣሽ እናተበሃለ ‘ዩ ዝፍለጥ። ኣብ ትግራይ እኳ ብቆልዕነተይ ስለ ዝወፃእኹ እንታይ ከምዝብሃል ረሲዐዮ ኣለኹ ቅዱስ የውሃንስ ከምዝብሃል ጥራሕ ‘የ ዝፈልጥ። መሰጋገሪ ስለዝኾነ ናይ ዘመን መለወጢ ተባሂሉ ‘ውን ይፍለጥ ‘ዩ። ስለዚ እዚ ቅዱስ የውሃንስ ተባሂሉ ዝፍለጥ በዓል ብመጥምቀ መለኮት ቅዱስ የውሃንስ ዝተፀውዐ በዓል ‘ዩ።

መጥምቀ መለኮት ቅዱስ የውሃንስ ኣብ ማእኸል ብሉይን ሃዲስን እዋን ዝመፅአ ‘ዩ። ብተወሳኺ ሓዋርያ፣ ሰማእትን ነብይን ‘ውን ‘ዩ። ኣቡኡ ‘ውን እንተኾነ ከምኡ ‘ዩ። ካህን፣ ነብይ፣ ሓዋርያ ‘ዩ ዝብሃል። ጎይታና እየሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ምፅናሱ ብሽዱሽተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ቀዲሙ ዝተፀነሰ ‘ዩ። ንጎይታና እየሱስ ክርስቶስ ኣብ 30 ዓመቱ ዘጥመቆ ‘ውን ንሱ ‘ዩ። ቅዱስ የውሃንስ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ትምህረቱ የምህሮ ካብ ዝነበረ፤ ኢሳይያስ ብትንቢት ከምዝተናገርሉ፤ ኣነ ብቅድሜኻ መንገዲ ዝፀርገልካ ሰብ ክልእኸለካ ‘የ። ብገዳም ዘምህር ዝሰብኽ ክልእኽ ‘የ። ንሱ ‘ውን ቃለ ኣዋዲ ተባሂሉ ይፅዋዕ ኢሉ፤ ናይ መሰጋገሪ ቅድሚ ጎይታና ኢየሱስ ናይ ንስሃ ጥምቀት ዘጥምቅ ናይ ሓጥያት መስተስርይ ትምህርቲ ዘምህር ስለዝነበረ መሰጋገሪ ‘ዩ ነይሩ።



ሓዚ ‘ውን ካብ ዘመን ብሉይ ናብ ዘመን ሃዲስ ዝተሰጋገርናላ ዘመን ስለ ዝኾነት፤ ሊቃውንቲ ነታ በዓል ብእኡ ክትፅዋዕ ገይሮምዋ። ናይ መሰጋገሪት ስለዝኾነት። ብኣጋጣሚ ‘ውን ዋዜማ ምትረተ ርእሱ ወይ ርእሱ ዝተቆረፀሉ መዓልቲ ‘ዩ። ካሊእ ስራሕ ዝሰረሐላ ስለ ዘይኮነስ መሰጋገሪ ስለዝኾነ ‘ዩ። ስለዚ ናይ ቅዱስ ዮሃንስ በዓል ዓብይ ገይርና ነኽብሮ ማለት ‘ዩ።

በቢዓመቱ እቲ ዝሓለፈ ዘመን (ዓመት) ከምብሉይ ገይርና ንወስዶ እቲ ዝመፅእ ዓመት ድማ ከም ሃዲስ ኢና ንሪኦ። ኣብቲ ዝሓለፈ ዘመን ፅቡቅ ስራሕ እንተዘይሰሪሕና ነይርና ብመንፈስ ተሓዲስና ፅቡቅ ንምስራሕ ተሊምና ንዝመፅእ ዘመን እንሰርሓሉ ‘ዩ። ብስጋና ‘ውን ንሰብና ንዘመድናን ንዓድናን ፅቡቅ ዝጠቅም ስራሕ ተሊምና ክንሰርሕሉ ከም ዝግባእ ‘ዩ ቅዱስ የውሃንስ ዘረድኣናን ዘምህረናን። ዝሓለፈ ዘመን ሰላም ዘይረኸብና እንተነይርና ዝመፅእ ዘመን ሰላም ከንረክብ ተዓጢቅና ክንሰርሕ ኣለና። ብሓፈሻ ኣብ ዝሓለፈ ዘመን ሕማቅ ስራሕ ንሰርሕ እንተነይርና ነቲ ዝመፅእ ፅቡቅ ንክኾነለና፤ መቸም እቲ ዘመን ብዓርሱ ሕማቅ ወይ ፅቡቅ ኣይኮነን። ብዓርሱ እቲ ዘመን ሓዱሽ ወይ ኣረጊት ዘይኮነስ ባዕልና ኢና ነእርጎን ነሐድሶን። ኣንሕና ፅቡቅ እንተሰሪሕ ፅቡቕ ይኸውን ሕማቕ እንተሰሪሐና ድማ ሕማቕ ይኸውን። ስለዚ እቲ ዝሰራሕናዮ ስራሕ እናስታወስና ዝነበረ ሕማቕ ብኡ ከይቕፅል እንሓስበሉን እንትልመሉን ዘመን በዓል ‘ዩ። ናይዚ በዓል መሰረቱ ወይ መበገሲኡ እዚ ‘ዩ።

**ወጋሕታ፦ ቅዱስ ያሬድ —ርእሰ ኣውደ ኣመት የውሃንስ“ እናበለ ከዝይም ከሎ እንታይ ንምግላፅ ”ዩ?**

**ሲቀልቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን፦** እቲ ዓንተዎ ዝበለኩኻ “ርእሰ ኣውደ ኣመት የውሃንስ” ክብል ከሎ ናይ በዓላት ኩሉ ርእሲ ወይ ልዑል፣ ሓላፊ፣ ቀዳማይ፣ ፈላማይ ከም ማለት ‘ዩ። እዚ ድማ በዓል ቅዱስ የውሃንስ ኣብዚ ስለ ዝኽበር ነቲ በዓል መበገሲ ብምግባር ‘ዩ ከምኡ ኢሉ ዝገለፆ። “ወላዴ መጥቅእ ወኣበቅቴ” ይብሎ ‘ዩ። ናይ መጥቅእን ኣበቅቴን (መቀመሪ፣ መሕሰቢ፣ መበገሲ ኣፅዋማትን በዓላትን) ወላዲ ‘ውን እናበሉ ሊቃውንቲ የዚምሉ ‘ዮም። ምኽንያቱ ካብ ሰዓት ናብ መዓልቲ፣ ካብ መዓልቲ ናብ ሰሙን፣ ካብ ሰሙን ናብ ወርሒ ናብ ዓመት (365 መዓለታት) ብሙልኣን ደቂቅ፣ ካሊኢት፣ ሳልሲት ሃምሲት ዝበሃል ዝነኣሰ ናይ ግዘ መቑፀሪ ከይተረፈ ተቆፂረን ‘የን እተን በዓላትን ኣፅዋማትን ዝወፃ። ኣብዚ በዓል ስለዝኾነ ‘ዩ ወላዴ መጥቅእ ወኣበቅቴ ዝብሎ።

**ወጋሕታ፦ እዚ እነኽብሮ በዓል ቅዱስ የውሃንስ ይኹን ካልኦት ኣብ ኣደባባያት ዝኽበሩ በዓላት ብመንፈሳዊ ይኹን ብስጋዊ ዘለዎ ረብሓ እንታይ ይመስል? ብፍላይ ምስ ምንቅስቃስ ቱሪዝም፣ ንግደትን ኩስምን ንሃገር ይኹን ውልቀ ሰባት ዘለዎ ረብሓ?**

**ሲቀልቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን፦** በዓላት ከም ኣሰራርሓኻን ኣፈፃፅማኻን ‘ዩ። በዓላት ፅቡቅ ‘ዩ። በዓላት ‘ውን ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ እንተኾይኖም መጥፍኢ ‘ዩ። በዓላት ክነኽብር ከለና ብምድርን ብሰማይን ኢና እነኽብሮም፤ ስለዝኾነ እግዚኣብሄር ክነመስግን ከለና ንባዕልና ብመንፈስና ንሕጎስ ብስጋና ‘ውን ደስ ይብለና። ነገር ግን እነኽብሮ በዓል ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ እንተኾይኑ ብዙሕ ገንዝብ ስለ ዘውፃእኻ ዋጋ የብሉን። ዋና ናይ ውሽጢ ልብኻ ታሕጓስ እምበር ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ስለዝበላዕና ኣይኮንን በዓል እነኽብሮ። ብሓፈሻ እቶም በዓላት ምኽባሮም ግና ዓዲ የፅውዕ ዓዲ የኽብር፤ ካብ ውሽጢ ዓዲ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ወፃኢ ቱሪስታት መፂኦም ከም መስቐል ጥምቀት ከኽብርዎ ይገብር።

ቅዱስ ዮሃንስ እንተኾነ ‘ውን ኣንሕና ብደንቢ ገይርና ስለዘይነኽበሮ ‘ዩ እምበር ዓብይ በዓል ‘ዩ። እቲ በዓል ናብ መንፈሳዊ ትሕዝትኡ ወሲድና ክነኽብሮ ከለና ‘ዩ እቲ በዓል ‘ውን ዝደምቕ። እቲ በዓል ናብ ዓላማዊ ወሲድና ናይ ዓመት መለወጢ ‘ዩ ጥራሕ እንተይልና ብዙሕ ዋጋ የብሉን። ናብቲ መንፈሳዊ እነተወሲደናዮ ግና ኹሉ ይርድኦን ይግደሰሉን ‘ሞ እቲ በዓል ‘ውን ዓብዪ ይኸውን። ስለዚ ብሓፈሻ በዓል ጥቕሚ ኣለዎ ጉድኣት ‘ውን ኣለዎ ‘ዩ። ካብቲ ጉደኣቱ ግና ጥቕሙ ይበልፅ።

**ወጋሕታ፦ ከምዚ ዝበሉ በዓላት እቲ ሕብረተሰብ ከመይ ክኽብሮም ኣለዎ? ብፍላይ ምስ ኽብርታት እቲ ሕብረተሰብ ዝኾኑ ምትሕግጋዝ ምድግጋፍ ኣብ ምዕቃብን ኣብ ምዕባይን ተተሓሒዙ ከመይ ክኸውን ኣለዎ?**

**ሲቀልቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን፦** ትኽክል ‘ዩ ኩሉ ግዘ ብመፅሓፍና ቕድሚ ዓርስና ንሰብ ኢና ክነቕድምን ክንሓስብን ዘለና። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነዓርሱ ኣየቀደመን ንሰብ ዩ ዘቀደመ። ኣንሕና ብእምነት ኢና ንምስሎ እምበር ብተፈጥሮ ንሱ ፈጣሪና እንበር ምሳና ዝተፈጠረ ኣይኮነን። ንሱ ዘይፍጠር ኣምላክ ፈጣሪ ‘ዩ። ኾይኑ ግና ንዝተፈጠሩ ሓዚኑ ጠፊእና ንከይንተርፍ ኣብዚ ዓለም ዝተቐበሎ መከራ ንዓና ኢሉ ‘ዩ። ንዓና ኣቐዲሙ ‘ዩ። እዚ ንኹሉ ኣብነት ክኾን ኣለዎ። ንሕና ድማ ንህዝብና ክንሓስብ ይግባእ። መጀመርታ ንህዝብና ንወገና ክንሓስብ ኣለና። ወገን ዝባሃል ሓደ ብተፈጥሮ ዝተወለደ ኹሉ ዘመድና ‘ዩ። ኻልኣይ ድማ ብሃይማኖት ብእምነት ዝተወለደ ሓውና ‘ዩ። ስለዚ እከለ እከለ ከይበልና ዝኸፍኦ ሰብ እንተሃልዩ ክንረደኦ ይግባእ። ዝብላዕ ዝሰኣነ እንተሃልዩ ክነካፍሎ ይግባእ። ዝዓረቐ እንተሃልዩ ክነልብሶ ይግባእ። በዓል እንትነኽብር ዝተኣሰሩ እንተሃልዮም ከይድኻ ምሕታት፤ዝሓመመ እንተሃልዩ ምጥያቕ፤ ማሕበራዊ ናብራ ዝባሃል እዚ ‘ዩ።

ማሕበራዊ ማለት ሱቕ ኢልካ ታሕጓስ ሃፍታም ምስ ሃፍታም ወይ ድማ ዘለዎ ምስ ዘለዎ ተኣኪብካ ምብላዕ ኣይኮነን። ሃፍቲ ክህበና ከሎ፤ ጉልበት ክህበና ከሎ እኮ ንሰብ ክነገልግለሉ ‘ዩ። እቶም ጉልበት ዘይብሎም ክነገልግሎም ማለት ‘ዩ። እቶም ዝሓመሙ ንሕና ምእንታን ክንረድኦም ‘ዩ ጥዕና ዝሃበና። ነቶም ሃፍቲ ዘይብሎም ሃፍቲ ዘለዎም ንክረድኡ፤ እቶም ፍልጠት ዘይብሎም እቶም ፍልጠት ዘለዎም ንክመኽሩ፤ ብሓፈሻ በሪ ኸፊቶም ክህቡ ማለት ‘ዩ። እዚ ኹሉ ዝሃበና እግዝኣብሄር ‘ዩ። ንሕና ጥራሕና ኢና መፂና ጥራሕና ኢና ንምለስ። ዝተውሃበና ንሕና ‘ውን ክንህብ ኣለና ብፍላይ ከምዚ በዓላት ክኾን ከሎ ክንተሓሳሰብ ኣለና። በዓል ዝባሃል እዚ ‘ዩ።

**ወጋሕታ፦ ኣብ መወዳእታ ዘይተርፍ ክለዓል ኣለዎ ዝብለዎ ዘሕልፍዎ መልእኽቲ እንሃልዩ ዕድል ክህቦም?**

**ሲቀሲቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን፦** ክተርፍ ዘይግባእ ኢለ ዝሓሰቦ፦ ኣብ ሰሜን ዓድና ኸባቢ ዝስማዕ ዘሎ ንእሽተን ፅቡቕ ኣይኮነን። ብዙሓት ምሁራት ኣለው ‘ዮም። ግን ሙሁራት ኾይኖም ከምዘይተምሃሩ፣ ፈላጣት ኾይኖም ከምዘይፈልጡ ክኾኑ ንርኢ ኢና። ምኽንያቱ ሰብ እናተወደአ ሱቕ ኢልካ ምርኣይ፤ ብጥምየት፣ብፅምኢ ብምምዝባል ሰብ ብዙሕ መከራ እናረአየ ሱቕ ምባል ፅቡቕ ኣይኮነን። ዝተውሃበትና ዕድመን ዘመንን ሓፃር ‘ያ። ሎሚ ኣለና ፅባሕ ንጉሆ የለናን። ሽምና ግን ነባራይ ‘ዩ፤ ስራሕና ግን ነባራይ ‘ዩ። እዛ በዓል እኳ እንተሪእና ኣሕዋትና ኣብ ፎቐድኡ ኬንዳ ‘ዮም ደቂሶም ዘለዉ። ወዲቐም መድሓኒት ዘይረኽብሉ ‘ዮም ዘለዉ፤ ነንባዕልና እንድሕር ዘይንተሓላለይ ኾይና ብጣዕሚ ኣፀጋሚ ‘ዩ። ብፍላይ ኣብ ፖለቲካ ዘለዉ ሰባት ናብ ልቦም ክምለሱ ኣለዎም። ዓድና መቐመጢትና ‘ያ። መቐመጢና መን ‘ዩ ወገና ‘ዩ። ሰብ ብተፈጥርኡ ዓርሱ ፈታዊ እንድዩ ግና ድማ ሰብ ክፎቲ ኣለዎ። እቲ ዘየረዳድኣና ሕማም ክፍለጥ ኣለዎ። ሕማም ዘይፈልጥ ሕክምና ኣይርከበሉን። ምኽሪ ሰብ ዓብይ ሕክምና ‘ዩ። ናይ ኣቦታት ናይ ዓበይቲ ምኽሪ ተቐቢሎም ፖለቲከኛታት ናብ ሰላም ክምለሱ ይግባእ። በቢኸባቢና ክንፈላለ የብልናን ኹላትና ሓደ ቤተሰብ ኢና። ኹልና ሓደ ስለዝኾና ብሰላም ብፍቕሪ ተሓሳሲብና ተመኻኺርና ክንነብር ኣለና። ስለዚ ኣብዛ ባዓል እዚኣ እዚኣ ሓሲብና ናብ ሰላም ክምለስ እግዚኣብሄር ፍቓዱ ይኹነልና።

**ወጋሕታ፦ንዝነበረና ፃንሒት ኣመስግን**

**ሲቀልቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን፦** ኣነ ‘ውን ኣመስግን።

# እዋናዊ ዛዕባ

ፍሉይ ሕታም

# መሻገሪ ሓድሽ ተስፋ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ንሓሙሽተኦም መዓልትታት ጳጉሜን 2016 ዓ.ም ብብርኪ ሃገር ለኸ ብዝተፈላለዩ ስያመታት ከምዝተኸበሩ ዝዝከር ‘ዩ። ሕድሕድ ጳጉሜን መዓልቲ ስያሜን መግለፂ ብምሃብን ዝተፈላለዩ ምድላዋትን ተኸቢሩ ‘ዩ። ሓዱሽ ዓመት አውን ብድምቕ ፅምብል ትማሊ ተቐቢልና ኢና።ኣብ ወርሓ ጳጉሜን ዝነበሩ ተግባራት ከምዝስዕብ ቀሪቦም ኣለዉ።

**1 ጳጉሜን መዓልቲ ምስጋር፤** ብዝብል ስያመ ብድምቀት ተኸቢሩ ከምዝዋዓለ ይፍልጥ። ኣገልግሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ 1 ጳጉሜን “መዓልቲ ምስጋር” ኣመልኪቱ ኣብ ዘመሓላላፎ መልእኽቲ፤ “ምስጋር ካብ ሓደ ናብ ካሊእ ምዕራፍ ህይወት ስግግር እንገብረሉ ተፈጥሮኣዊ ከይዲ ኢዩ”ኢሉ። ኣረጊት ዘበን ተዛዚሙ ናብ ሓዱሽ ዓመት ንሰጋገረላ ቀዳመይቲ ዕለት ወርሒ ጳጉሜን እንትነኽብር ኣብቲ ዝተዛዘመ ዓመት ዘመዝገብናዮም ዓወታት ጥንኩራት ከይዲ ለውጢታትን ዝተረኸቡ ዘዕግቡ ውፅኢታትን ብዝለዓለ ደረጃ ብምጥንኻር ዘጋጠሙና ማሕለኻታት ድማ ብግቡእ ብምግምጋምን ንምፍታሕ ቆራፅነት ብምርኣይ ኢሉ» ኢሉ። ኣብ ዝሓለፉ ሸዱሽተ ዓመታት ብዙሓትን ዝተሓላለኹን ፈተናታት ኣጋጢሞም፣ ሃገር ከፍርስ ዝኽእል ኩናት፣ ጎንፂታትን ልዑል ዲፕሎማሲያዊ ፅዕንቶን ከምዘጋጠመ ብምዝኽኻር፤ ይኹን እምበር ብዝተገበረ ምትሕብባር ህዝቢን ብጥበብን ቆራፅነትን ኣመራርሓ ኣንፀላሊዩ ዝነበረ ፈተና ብምፅዋር ምስጋር ከምዝተኻኣለ እቲ ኣገልግሎት ኣብ መልእኽቱ ኣዘኻኺሩ። እናተዛዘመ ኣብ ዝርከብ ዓመት ንኢትዮጵያ ከሳግሩ ዝኽእሉ ዓበይቲ ሃገራዊ ፕሮጅታት ብብቕዓት ብምምራሕ ብልዑል ፅሬትን ቅልጣፈን ንኽዛዘሙ ከምዝተሰርሐ ‘ውን ገሊፁ። ብፍላይ ‹ኣብ ዝኾነ እዋን ኣይዛዘምን› ተባሂሉ ዝፀንሐ ሓበራዊ ኣሰርን ተምሳሌት ሓድነትን ዝኾነ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ኣብ ልዑል ብርኪ በፂሑ ሓይሊ ናብ ምፍልፋል ተሰጋጊሩ ኢሉ» ኢሉ።

**2 ጳጉሜን ናይ ሪፎርም ዕለት፤** “ሪፎርም ንዝለዓል ኣገልግሎት” ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ብብርኪ ሃገር ተኺቢሩ ዉዒሉ ‘ዩ። ከም ሃገር ዘጋጠሙና ናይ ፖለቲካ፣ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን ስብራታት ንምፅጋንን ኩለ መዳያዊ ምዕባለ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ንምርግጋፅን ኣብ ዝሓለፉ ናይ ለውጢ ዓመታት ሰፋሕቲ ስራሕቲ ተጀሚሮም ኢዮም ኢሉ።

ውፅኢታት ‘ውን ከምዝተመዝገቡ ኣፍሊጡ። ብዝተለመዱ ኣሰራርሓታት፣ ሕጊታት፣ ፖሊሲታትን ትካላትን እንደሊዮ ኩለ መዳያዊ መዕባለ ምምፃእ ኣይከኣልን ዝበለ እቲ ኣገልግሎት፤ ስለዝኾነ ኣብ ኩሎም ዓውዲታት ናይ ሪፎርም ስጉምቲ ተወሲዱ ‘ዩ ኢሉ።

ኣብ ዝሓለፉ ሸዱሽተ ዓማውቲ ናይ ሕጊ፣ ናይ ኣሰራርሓ፣ ናይ ፖሊሲን ናይ ኣተሓሳስባን ለውጥታት ኢሉ’ውን ናይ ትካላት ሪፎርም ብምግባሮም ዘተባብዑ ለውጥታት ተራእዮም ‘ዮም ። ኣብ ናይ ለውጢ ዓማውቲ ካብ ዝተገበሩ ናይ ትካላት ሪፎርም ናይ ዴሞክራሲ ትካላት ሪፎርም ‘ዩ። እዚ ድማ ኣብ ነበር ስርዓት ናይ ዴሞክራሲ ትካላት ናይ ዜጋታት ዴሞክራሲያዊ መሰላት ካብ ምኽባር ወፃእ ናይ ሓደ ጉጅለ ፀቢብ ድልየት ንምሕላው ዝተወደቡ ትካላት ነይሮም ኢሉ። ብምኽኑ ናይ ህዝቢ ዴሞክራሲያዊ ሕቶ ብምምላስን ዘላቒ ሰላም ኣብ ምንጋስን ዘጋጠሙ ናይ ፖለቲካ ስብራታት ንምእራም ሰብኣዊ መሰል ኮሚሽን፣ ናይ ኢትዮጵያ ምርጫ ቦርድ፣ ናይ ህዝቢ ሓባሲ ንብዓት ትካል፣ ፍርዲ ቤታትን ካልኦት ትካላትን ነፃን ገለልተኛን ኮይኖም ንክሰርሑ ሪፎርም ከምዝተገበሩ ገሊፁ። እቶም ትካላት ካብ ናይ መንግስቲ ፅዕንቶ ሙሉእ ንሙሉእ ነፃ ኮይኖም ስርሖም ምክያድ ምጅማሮም ‘ውን ሓቢሩ ‘ዩ።

**3 ጳጉሜን – መዓልቲ ሉኣላዊነት፤** ኢትዮጵያ ሉዓላዊነታ ብደምን ዓፅሚን ኣፅኒያም ዘንበሩ ጀጋኑ ሃገር ከምዝኾነት ‘ውን ገሊፁ ‘ዩ። ‹ግዝኣታዊ ሓድነታን ናፅነታ ሓሊያ፣ ንባዕዳዊ ገዛእቲን ወረርቲ አሕፊራ ብናፅነት ዝነበረት ሃገር ኢያ› ዝበለ እቲ ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን፤ ነገር ግን ሉኣላዊነት ዶብ ብምኽባር ጥራሕ ግዝኣታዊ ሓድነት ከምዘይሕሎ ገሊፁ። ሉኣላዊነትና ሓሊና ምንባርና የኹሪዕና። ናይ ግዝኣት ሉኣላውነት ንበይኑ ደው ከምዘይብል ግን ተረዲእና ኣለና። ሉኣላውነት ኩለ መዳይ ክኸውን ኣለዎ። ናይ ምግቢ ሉኣላዊነት፣ ናይ ቴክኖሎጂ ሉኣላዊነት ፣ ናይ በጀት ሉኣላዊነት፣ ናይ ሃገር ሉኣላዊነት ብፅንዓት ደው ዘብሉ ‘ዮም። እዞም ናይ ሉኣላውነት ዓውዲታት ንምጥንኻር ሓዱሽ ዓይነት ሃርበኝነት የድሊየና። ናይ ብሄራዊነት ሃርበኝነት። ናይ ብሄራዊነት ሃርበኝነት ኣብ ዝተጣየሸሉ ስራሕ ኩሉ ናይ ኢትዮጵያ ኩለመዳያዊ ሉኣላዊነት ንምኽባር ናይ ጊዜ፣ ፍልጠት፣ ገንዘብን ጉልበትን መስዋእትነት ምኽፋል ‘ዩ። ሃገር ብደቃ ከትህነፅ ኢያ ክትሕሎ ኢያ ክብል እቲ መግለፂ ይሕብር።

3 ጳጉሜን – መዓልቲ ሉኣላዊነት ንምኽባር ሉኣላዊነት ሃገር ዝተኸፈለ ዋጋ ክብሪ ብመሃብ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሳይንስ ሙዚዬም ተኸቢሩ ‘ዩ። ኣብቲ ስነ-ስርዓት፤ ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትር ተመስገን ጥሩነህ፣ ሚኒስትር ምክልኻል ኣይሻ መሓመድ (ኢ/ር)፣ ሚኒስትር ጉዳያት ወፃኢ ኣምባሳደር ታዬ ኣፅቀስላሴ፣ ሚኒስትራት፣ ሓለፍቲ ስራሕ ትካላት ፀጥታን ድሕንነትን ከምኡ ‘ውን ዕድመ ዝተገበረሎም ኣጋይሽ ተረኺቦም ‘ዮም። ኣምባሳደር ታዬ ኣብቲ መድረኽ ከምዝበሉዎ፤ ኩለመዳይ ሉኣላዊነት ኢትዮጵያ ንምሕላው ተሳትፎ ዜጋታት ወሳኒ ‘ዩ ክብሉ ገሊፆም። ኢትዮጵያ ብጀጋኑ ደቃ ሉኣላዊነታ ሓሊያ ዝነበረት ሃገር ኢያ፤ ነዚ ሉኣላዊነታ ቀንዲ መርአዪ ኣብ ዓወት ዓድዋ ዝነበረ ጅግንነት ‘ዩ። ብኹሉ መዳይ ሉኣላዊነታ ዝተረጋገፀ ሃገር ምፍጣር ከምዘድሊ ብምግላፅ፣ ተሳትፎ ኩሎም ዜጋታት ከምዝሓትት ገሊፆም።

ሉኣላዊነት ብደምን ረሃፅን ዝሕሎ ክብሪ ‘ዩ ክብሉ ዝገለፁ ድማ ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትር ተመስገን ጥሩነህ ‘ዮም። ሉኣላዊነት ብደም፤ ብረሃፅ ዝሕሎ ክብሪ ከምዝኾነ ኣብሪሆም። ‹ናፅነትን ዶብን ሃገር ከምኡ ‘ውን ክብሪ ዜጋታት ምሕላው ዝከኣል ብደም መስዋእትነት ‘ዩ› ኢሎም።

**4 ጳጉሜን - መዓልቲ ሕብረ፤** ‹ሕብርና ንሰላምና› ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ተኸቢሩ ውዒሉ ‘ዩ። ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን ኣብ ዘሕለፎ መልእኽቲ፤ ብብሄር፣ ብቋንቋ፣ ብኣረኣእያ፣ ብመልክኣ ምድሪ፣ ብኣመጋግባ፣ ብኣነባብራ፣ ብኣለባብሳ ወዘተ ህብርና ብዙሕ ‘ዩ፤ ህብራዊነትና ‘ውን ሰፊሕ ‘ዩ ክብል ገሊፁ። እዚ ህብርና ድማ ፅባቐና፣ ሕብረትና፣ ፍልፍል ጥንካረናን ሓጎስናን ‘ዩ ኢሉ። ናይ ደጉዓ ኣከዳድና ንቆለታይ ብርቂ ‘ዩ ብምባል፥ ናይ ሓደ ብሄር ኣሰዓስዓ ንካሊእ ሓዱሽ ልምዲን ፍልፍል ሓጎስን ከምዝኾነ ‘ውን ሓቢሩ። ናይ ሓዲና ኣረኣእያ ንካልኦትና ትምህርቲ ‘ዩ፤ ኣብ ሓደ ከባቢ ዘሎ መልክኣ ምድሪ ንካሊእ ፅባቕኡ ከምዝኾነ ገሊፁ። ህብር ተፈጥሮኣዊ ኣብ ዝኾነላ ኢትዮጵያ ናይ ብዙህነትና መኸሰብ እናተኻፈሉ ምንባር ዕድል ‘ዩ ኢሉ። ህብረብሄራዊነት ንዘላቒ ሰላምን ብሄራዊ ምርድዳእን ምጉልባት ዘለዎ ግደ ልዑል ‘ዩ። ህብረ ብሄራዊነት ንዘጋጥሙና ናይ ውሽጢን ግዳምን ፈተናታት ኩሉ መገዲ መፍትሒ ‘ዩ። ብሕብረት እንትንስለፍ ንዘላቒ ሰላምናን ሓድነት ሃገርን ፀረ ዝኾኑ ዛዕባታት እንተጋጥሙና ንምምካት ዓቕሚ ንረክብ ኢና። ዘጋጥሙና ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ፀገማት ንምቕራፍን ብዘላቕነት ንምፍታሕን ጉልበት ይህልወና። ስለዝኾነ ዘጋጥሙ ፈተናታት ብምምካት ሃገርና ምስ ሙሉእ ክብራ ንቐፃሊ ትውልዲ ናይ ምሽጋር ሓላፍነት ከምዘለና ብምርዳእ ተጊህና ክንሰርሕ ይግባእ።

**5 ጳጉሜን መዓልቲ ፅባሕ፤** ፅባሕ መቐፀሪ እዋን ጥራሕ ኣይኮነን፤ ፅባሕ ተስፋ፤ ትምኒት፣ ስንቂ ንሎሚ ምልዕዓልን ምኽንያት ‘ውን ‘ዩ። ፅባሕ ኹላትና ንምርኣይ ዝሓሸ ህይወት ስኬት ንክህልወና እንምነዮ ድልየትና ‘ዩ ክብል ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ ገሊፁ ‘ዩ። ኣብቲ መግለፂ ፤ ኢትዮጵያ ፅባሓ ብሩህ ‘ዩ። ኣብ ዝሓለፉ ናይ ለውጢ ዓመታት ናይ ኢትዮጵያ ፅባሕ ንምቕናዕ ብዙሓት ስኬታማ ስራሕቲ ተሰሪሖም ‘ዮም። ናይ ትካላት ምህናፅ ጀማሮ ዘመን ተሳጋሪ መሰረት ዝሓዙ ‘ዮም፤ ብፀጥታ ትካላት ተጀሚሩ ናብ ካልኦት ዝተሸገረ ሪፎርም ናይ ፅባሕ ኢትዮጵያ ተሓሲቡ ዝተገበረ ‘ዩ። ልኣላውነት ምግቢ ንምርግጋፅ ዝጀመርናዮ መርሃግበሪ ካብ ሎሚ ዝሓለፉ ‘ዮም። ናይ ፅባሕ ወለዶ ምግቢ ዝልምን እንተይኾነስ ኣምሪቱ ባዕሉ ዝምግብን ኸሳዱ ቅንዕ ኣቢሉ ንክነብር ንምኽኣል ‘ዩ። ኣብ ዘፈር ትምህርቲ ዝተጀመረ ስራሕ ሪፎርም ናይ ፅባሕ ዝበልፀገት ኢትዮጵያ ትልሚ ዝሓዘ ‘ዮም። ከም ግድብ ህዳሴ ዝኣመሰሉ ናይ ታሪኽን ፖለቲካን ፀወታ ቀየርቲ ፕሮጀክት እንትንሃንፅ ንሎሚ ሓይሊ ድልየትና ጥራሕ ኣይኮነን። ከተማታት እናፍረስና እንሰርሕ ዘለና ፅባሕ ዝምጥኑ ንክኾኑን ተስፋ ዘንፀባርቑ ንምግባር ‘ዩ።

# ሓድሽ ሰብ ኮይንካ ናብ ሓድሽ ዘመን ዝትሰጋገረሉ በዓል

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ትማሊ ዝተኸበረ በዓል ሓድሽ ዓመትን ብኣቆፃፅራ ግእዝ ሓድሽ ዓመተ ምሕረት ሓደ መስከረም 2017 ኮይኑ፤ ካብ ዓመተ 2016 ዘመነ ሉቃስ ወንጌላዊ ናብ 2017ዘመነ ማቴዎስ ዜናዊ ዝተሰጋገረሉ ‘ዩ። እዚ በዓል ቅዱስ ዮውሃንስ’ውን እናተባህለ ዝበዓል ዘመን መለወጢ፤ ኣብዛ ሃገር ሓድሽ ዓውደ ኣዋርሕ (ካላንደር) ዝልወጠሉ መዓልቲ’ዩ።

ዓውደ ኣዋርሕ ኢትዮጵያ፤ ነፍሲ ወከፍ 30 መዓልታት ዝሓዛ 12 ኣዋርሕን ሓሙሽተ ወይ ሸዱሽተ መዓልታት እትቑፅር መበል 13 ወርሒን ዝሓዘ ከምዝኾነ ዝፍለጥ ኮይኑ፤ እዛ መበል 13 ወርሒ ጳጉሜን ተባሂላ እትፅዋዕ ሓፃር ወርሒ፤ ነዛ ሃገር ዝተፈለየ ኣቋፃፅራ ኣዋርሕ ንክህልዋ ዝገበረት ፍልይቲ ወርሒ ‘ያ።

ገለ ፅሑፋት ‘ጳጉሜን’ ናይ ግሪኽ ቃል ኰይኑ፡ ‘ዓመት ክፅብፀብ እንከሎ ዝተረስዓ መዓልታት’ ማለት ምዃኑ ይገልፁ።ከም ኣቋፃፅራ ዓውደ ኣዋርሕ ኢትዮጵያ፤ ሓደ ዓመት 365 መዓልታት፣ ሽዱሽተ ሰዓታት፣ ክልተ ደቒቕን 42 ካልኢታትን ኣለዎ። በብኣርባዕተ ዓመት ክኣ እዘን ሽዱሽተ ሰዓታት ናብ 24 ሰዓታት ተደሚረን ሻድሻይቲ መዓልቲ እቲ ዓመት ይኾና። ኣብ 600 ዓመት ሓደ ግዜ ክኣ፤ እተን ክልተ ደቒቕን 42 ካልኢታትን ሓደ ሙሉእ መዓልቲ ኰይነን ሻብዐይቲ መዓልቲ ይፈጥራ።

ኣብ እዋን ጳጉሜን ህዝቢ ክርስቲያን ፀሓይ እንተይበረቐት ገስጊሶም ናብ ሩባ ብምኻድ ወይ ድማ ዝናብ ክዘንብ እንተሎ ናብ ደገ ብምውፃእ ማይ ፀሎት ይሕፀቡ። እዚ ዝገብሩሉ ምኽንያት ድማ፣ ጳጉሜን ምሕረት ዝርከበሉ ጊዜ ስለ ዝኾነ ‘ዩ ይብሉ መምህራን ቤተ ክርስቲያን። ኣብዚ ሃይማኖታዊ ትሕዘቶኡ ከምዘሎ ከይኑ ባህላዊ ወግዒ ‘ውን ኣልዎ ‘ዩ፡፡

ኣብዘን ዝሓለፉ ናይ ጳጉሜ መዓልታት፤ ብፍላይ መብዛሕትኡ’ቲ ኣብ ገጠራት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነብር ኣማኒ ክርስትና ህዝቢ ‘ማይ ጳጉሜን ተሓፂቡ ‘ሓድሽ ሰብ’ ኮይኑ ናብ ሓድሽ ዘመን ዝሰጋገረሉ መዓልቲ’ዩ።

<<ጳጉሜንየ ኣብ ማይ ጳጉሜን

ኣይትሕፀባን ዶ ኣብ ማይ ጳጉሜን >>

ዝብል ደርፊ ምስተን ኣብ ወጋሕታ ጨቕጨቕ ዝብላ



ኣዕዋፍ ተወሃሂዱ ኣብ ኣእምሮይ ይቓጭል ኣሎ ይብል ነጣፊ ማሕበራዊ ሚድያ ኣይተ ይርጋ ገብረመድህን። ማይ ጳጉሜን ንኽሕፀባ ተኣኪበን ናብ ሩባ ዝወርዳ ኣዋልድ መስከረም እናተቐባበላ የዚምኦ። ምስ ኣዕዋፍ መስከረም ንሕናዶ ንስኸን እንክበሃሃላ ኣየ ክጥዕማ።

ብፍላይ ኣብዚ እዋን ዕምበባ ገልገለ መስቀል በቢከባቢኡ ዓምቢቡን ብዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣዊ ሕብርታት ደሚቑን ዝትሪኣሉን ነዓይኒ ዝርኣይ ንእዘኒ ዝስማዕ ተፈጥሮ መሊኡ ዝፈሰሉ ብጣዕሚ ደስ ዝብል እዋን ‘ዩ። እንስሳት ‘ውን ከይተረፉ በቲ ዘሎ ልምላመን ተፈጥሮኣዊ ፅባቀን ደስ ኢልዎም ካብ ደቒቕቲ ክሳብ ዓበይቲ ፍጥረታት ካፍቲ ናፍቲ ክሰራሰሩን ከዳምፁን ከትርኢ እንተለኻ ልዑል ሰላም ይስመዐካ።

ብፍላይ ካብ ዓበይቲ በዓላት ብፍላይ ኣብ ጎዳና ካብ ዝኽበሩ ሃይማኖታውን ባህላውን በዓላት ድባብ ሰላም እቲ ከባቢ ናብ ንቡር ካብ ምምላስ ብተወሳኺ፤ ናይ ውሽጢ ዓድን ወፃእን መስሕብ ቱሪዝም ብምዃን ንብዙሓት ፍልፍል እቶት ዝኸውን ብምዃኑ ኣብ ቁጠባ እታ ክልልን ብሓፈሻ ድማ ኣብታ ሃገር ዝፃወቶ ግደ ቀሊል ከምዘይኮነ ይግለፅ ‘ዩ፡ ፡ ብተወሳኺ ኣብ ትግራይ ኣብ ዝግበር ምንቕስቓስ ስራሕቲ ዳግመ ሕውየት ‘ውን ዘለዎ ግደ ተስፋ ዝህብ ከምዝኾነ ይፍለጥ።

ከምዝፍለጥ መንፈሳዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ክብርታትካ ከተኽብር ካብ ዘድልዩ ቐንዲ ነገር ሰላም ወሳኒ ‘ዩ። በዚ ዝተረኽበ ሰላም ህዝቢ ትግራይ ከም ኣሸንዳን ሓዱሽ ዓመትን ብሰላም ምኽባር ምጅማሩ ይበል ይቅፅል ዘብል ‘ዩ። ምስ በዓላት ተተሓሒዙ ህዝብና ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ካብ ኣቦታቱ ዝወረሶ ናይ ምትሕግጋዝ ባህልን ልምድን ዘለዎ ርህሩህ ህዝቢ ምስ መኾኑ ከዓ፤ እዚ ናይ ምትሕግጋዝ ባህሊ ካብ እዋን ናብ እዋን ምስቲ ዘመን ንክዓቢ ብምግባር፤ ክዕቀብ ከምዝግባእ ብዝተፍላለዩ መራሕቲ ሃይማኖት ‘ውን መልእኽቲ እናቕረቡ ‘ዮም ዝርከቡ፡፡

ምስ ዝሓለፉ በዓላት ተተሓሒዙ ሓላፊ ቢሮ ቱሪዝምን ባህልን ትግራይ ኣይተ ኣፅብሃ ገብርእግዚኣብሄር ኣብ ዕላዊ ማሕበራዊ ድሕረ ገፅ ፌስቡኮም ከምዝገለፅዎ፤ ንኣስታት ሰለስተ ወርሒ ቅድመ ምድላው ዝተገበረሉ ካብ 9-29 ነሓሰ ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ዝተዓጀበ በዓል ኣሸንዳ ኣብ ኢድ ግዝያዊ ምምሕዳር ዘለዋ ዞባታት ትግራይ ኣብ ዝነበረ ምድላው ሙሉእ ወፃኢኡ በቲ ቢሮ ብምሸፋን ብቀጥታ ፊነወ ናብ ማሕበረሰብ ዓለም ዝተጋወሐሉ፣ ብጣዕሚ ብዙሓት ስራሕ_ዕድላት ዝፈጠረ፣ ዓብዪ ቁጠባዊ ዓቕሚ ትግራይ ዝሃነፀ ከምዝነበረን ከምኡ ‘ውን ካብ ዝተፍላለየ ሃገር ወፃኢ ዲያስፖራ ትግራይ ናብ ትግራይ ብልዑል ቁፅሪ ዝመፀሉ፣ ልዕሊ 10 ናይ ልምዓትን ሓድነትን መድረኻት ዘተታት ዝተኻየድሉ፣ ምስሊ ትግራይ ብዝግባእ ዳግም ዝተሃነፀሉ፣ እቲ በዓል ህዝባዊ መሰረቱ ክሕዝ ሰፊሕ ፃዕሪ ዝተገበረሉ፣ ቁመና ፀጥታ ትግራይ ብዝግባእ ዝተመስከረሉ በዓል ‘ዩ ነይሩ።

ኣብዚ በዓል ዝገጠሙና ፈተናታት ብጥበብ ክንኣልዮም ሞኪርና ኢና ዝበሉ እቶም ሓላፊ ቢሮ፤ ኣብዚ እዋን ዝተርኣዩ ሕፅረታት ኣብ ቀፃሊ ክእረሙ ክንሰርሕ ኢና ብምባል፤ ህዝብና ካብ ደንገርገር ክወፅእ መፃኢኡ ብሩህ ክኾን ምንፃፍ ዘንፅፍ በዓል ከነብዕል ኩሉ ዓይነት ሓገዝን ድጋፍን ዝገብሩ ኣካላትን ውልቀ ሰባትን ኣመስጊኖም ‘ዮም።

ስለዚ እዚ ኣብ ላዕሊ ዘተገለፀ ኩሉ ግደ በዓላት ዘርፈ ብዙሕ ረብሓኦም ዝተመሰከረሉ ምንባሩ ‘ዩ ዘርኢ እሞ፤ ኣብ ዝቅፅል ዝኸበሩ ከም መስቀል ጥምቀትን ካለኦትን ዝበሉ በዓለትና ‘ውን ብዝሓሸ ኩለ መዳይ ተራባሕነት ንምርካብ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል እኹል ምድላዋት ብምግባር ንኽስራሕ ትፅቢት ይግበር፡፡